# ዕሱባት ኣምሪሕካ ዝካየድ
# ወራር ምዕራባውያን

ብተስፋማርያም ሓጎስ

ኣብዚ ዘሎናዮ መበል ዕስራን ሓደን ክፍለ ዘመን ዓለምና ኣብቲ ዝለዓለ ምዕባለ በጺሓ'ላ ክንብል ንኽእል። ይኹን እምበር ምስቲ በጺሓቶ ዘላ ምዕባለ ብኣንጻሩ ሚልዮናት ኣህዛብ ብሰንኪ ስሱዓትን ደለይቲ እንዳማቶምን ብጥሜትን ኲናትን መዓልታዊ ይሃልቁ ኣለዉ።እቶም ንዓለም ብቑጠባን ብሓይሊ ብረትን ተቖጻጺሮማ ዘለዉ ናይ ምዕራብ ሃገራት መንግስታት ነዳድን ካልእ ባህርያዊ ጸጋታትን ንምግባት ኣብ መላእ ዓለም ኲናትን ዕግርግርን ወሊዖም ንኣህዛብ ሰላምን ቅሳነትን ከሊኦም ይርከቡ። እዞም ጸረ ሰላምን ጸረ ኣህዛብን ዝኾኑ ስሱዓት መንግስታት ምዕራብ ኣብ ሃገር እንዳማቶም ኣትዮም ከም ድላዮም ዘሚቶም ክኣትዉን ክወጽኡን ዘየፍቅድ መራሒ ሓንቲ ሃገር እቲ ቀዳማይ ጸላኢኦም እዩ ፣ ንዕኡ ከየጥፍኡ ከኣ ደቂሶም ኣይሓድሩን ፣ ለይትን ቀትርን ከኣ ተንኮላት ኣብ ምምሃዝን ዕሱባት ደቂ ሃገርን ዕሱባት ጎረባብቲ መንግስታትን ኣብ ምዕሳብን ይሰርሑ። ዝያዳ ኩሉ ነዳዲ እቲ ቀንዲ ዘድልዮም ጸዓት ብምዃኑ እዞም ናይ ምዕራብ መንግስታት ነዚ ጸሊም ወርቂ ኣብ ትሕቲ ቊጽጽሮም ኣእትዮም ከም ድላዮም ክግሕጥዎ ቀዳማይ ዕላምኦም እዩ። ነዚ መንገዲ እዚ ዝዓጽወሎም ዝኾነ መራሒ ሓንቲ ሃገር ንምጥፍኡ ኩሎም ብሓደ ኮይኖም ብዘለዎም ሓይሊ ሰብን ብረትን ይወግእዎ። ኣህዛብ የህልቑ ነታ ተሃኒጻን ማዕቢላን ዝነበረትን ሃገር ኣዕንዮም ዳግማይ ከም ዘይትትንስእ ይገብርዋ። ነቲ ውሑስ ህይወት ዘሕልፍ ዝነበረ ህዝባ ግዳይ ሞትን ህልቂትን ጌሮም ነቲ ዝተረፈ ፋሕ ኢሉ ከም ዝስደድን ከርፋሕ መነባብሮ ከም ዘሕልፍን ይገብርዎ።ብድሕርዚ መኒኻ ዝብል ዘይብሎም ንነዳዲን ካልእ ባህርያዊ ሃብትን ናይታ ሃገር ከም ድላዮም ይግሕጥዎ። እዚ ከም ኣብነት ኣብ ኣፍጋኒስታን ዩጎዝላቭያን ዒራቕን ዝረኣናዮ ናይ ቀረባ ተርእዮ እዩ። ንኣፍጋኒስታን ክሳብ ሎሚ ብኹናት የዕንዉዋ ኣለዉ፡ ንዒራቕ ኣዕንዮም ነታ ሃገር እንትላይ ምሉእ ትሕተ ቅርጻ ኣዕንዮም መዓልታዊ ልዕሊ ሚእቲ ሰባት ይሃልቁ ኣለዉ።ንዩጎዝላቭያ ሕምስምስ ኣቢሎም ኣብ ብዙሓት ሃገራት ተገማሚዓ ፋሕ ከም እትብል ጌሮማ። እዚ ሜላ'ዚ ነቶም ገበትቲ መንግስታት ምዕራብ ሃገራት ብኹሉ እንትናኡ ኣርባሒ ብምዃኑ ኩሉ ግዜ ክደፍእሉ ይረኣዩ። እዚ ኣብ መጀመርያ ዝተቐልቀለ ህዝባዊ ናዕቢ ኣብ ሃገራት ሰሜን ኣፍሪቃ ዋላ'ኳ ኣብ ገሊኤን ናይ ብሓቂ ነቲ ኩነታት ዝደፋፍእ ሽግርን ምሕደራን እንተነበረ ሕመረት ዕላምኡ ግን በቶም ናይቲ ኔሩ ዝበሃል ሽግር ሃንደስትን ጠንቅን ዝኾኑ ሃገራት ምዕራብ መንግስታት እዮም።እዚ ብቱንዝያ ጀሚሩ ናብ ግብጺ ዝቐጸለ ህዝባዊ ናዕቢ ብብረት ዘይኮነስ ብሰላማዊ ህዝባዊ ናዕቢ ዋላ'ኳ ሽቶኡ ወቒዑ እንተ ዘይተባህለ እቶም ክእለዩ ዝተደልዩን ኮራኹር ናይ ምዕራብ ሃገራት ዝኾኑ ሰበ ስልጣን ካብ ቦትኦም ተኣልዮም ኣለዉ። ብድሕሪኡ ዝስዕብ ምዕባለ ከኣ ቀስ ኢልና ኣብ መጻኢ እንርዮ ነገር እዩ።

እዚ ኣብ ሊብያ ዝተራእየ ግን ምስቲ ናይ ቱኒዝያን ምስርን ዋላ ውን ባሕሬንን ዝመሳሰል ኣይኮነን። ኣብ ሊብያ ብጥሜትን ዓጸቦን ሕማምን ድንቊርናን ዝሳቐ ዋላ ሓደ ሊብያዊ የሎን። እቲ ናዕቢ ብሰላማዊ መንገዲ ዘይኮነስ ብዕጥቂ ብረት ዝተጀመረ ብምዕራባውያን ዝተሃንደሰ እዩ። ምዕራባውያን ክንድዚ ዝኣክል ናይ ውግእ ነፈርትን ትሕቲ ማይ ዝኸዳ ሚሳይል ዝዓጠቓ ናይ ውግእ መራኽብን ማእለያ ዘይብለን ናይ ውግእ ነፈርትን ኣኽቲተን ንሊብያ ምህራመን መንግስትን ህዝብን ሊብያ እንታይ ስለ ዝኣበሱ እዩ ! ሳልሳይ ኵናት ዓለም ዝተጀመረ ክመስል እንግሊዝን ፈረንሳን ኣሜሪካን ሻማ ሻማ ኢልካ ንሓንቲ

ልኡላዊት ሃገር ምዕናው ዓለምና ሎሚ ናይቶም ዝነብሩላ ኣህዛብ ዘይኮነትስ ናይ ውሑዳት ሰብ ሓይሊ ሕጊ ኣልቦ ምዃና እዩ ዘረዳኣካ። እዚ ንመንግስትን ህዝብን ሊብያ ንምድምሳስ ዝካየድ ዘሎ ኩለንትናዊ ወራር ንኣህጉር ኣፍሪቃ ጥራይ ዘይኮነስ ንዓለም ውን ኣስጋኢን ናብ ዘይውዳእ ዕግርግር ዘእቱን ኩነታት ክፈጥር ምዃኑ ርዱእ እዩ።

„ ብጻይካ ጭሕሙ ክላጸ ጭሕምኻ ማይ ልኽ „ ከም ዝበሃል እዚ ኣብ ሊብያ ተጀሚሩ ዘሎ ኣዕናዊ ዅናት ኣብኡ ኣይኮነን መወዳእትኡ፡ እዞም ኣሜሪካን ሰዓብታ ናይ ምዕራብ ሃገራትን ንዓመታት ኣብ ልዕሌና ዝጠንሰስዎ ጥንስስ ከም ዘሎ ኣብ ግምት ክነእቱን ንኹሉ እንተታት ቅሩባት ኮይንና ክንጸንሕን የድሊ። ንመንግስቲ ሊብያ ንምዕናው ኣብ ምብራቓዊ ሸነኽ ናይታ ሃገር እንግሊዝን ፈረንሳን ዕሱባት ክውድቡን ክዕጥቑን ጸኒሖም እዮም ነዚ ሕጂ ወሊዖሞ ዘለዉ ወራር ዝጀመሩ። ንዓና ውን ነታ ብውሑዳት ጉጅለ ተጋሩ እትምራሕ ድሕርትን ወትሩ መጋበርያ ናይ ምዕራብ ሃገራት ዝኾነት ጥሜትን ዓጸቦን ዝመለለይኣ ኢትዮጵያ ኣዳልዮሙልና ከም ዘለዉ እቲ 1998 ዝተኸስተ ዅናት ዓቢ ምስክር እዩ። እታ ድሕርትን ብልማኖ እትነብር ኢትዮጵያ ንገለ ቀደም ማዕበል ሰውራ ዝገለፎም ዘይተቐብሩ ጎሓፍ ሕብረተ ሰብ ዝኾኑ ወይጦታት ኣኻኺባቶም ከም ዘላ ናይ ኣደባባይ ምስጢር እዩ። ኢትዮጵያ ነዚኦም ኣኻኺባ ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ክገብርዎ ዝኽእሉ ዋላ ሓደ ከም ዘየሎ ኣዳዕዲዓ ትፈልጥ እያ ፡ እንተኾነ ንየም ብቕድም ኣሰሊፋ ደድሕሪኦም ንምእታውን ከምቲ ናይ ትማል ንመንግስቲ ሻዕብያ ንምእላይን ብምባል ነቲ ብኣሜሪካን ሰዓብታ ናይ ምዕራብ ሃገራትን ዝተጠጆኤ ጥጅእ ንምጽማቕ ዅናት ከም ዝውልዑ ንማንም ፍሉጥ እዩ። ኣሜሪካን ሰዓብታ ናይ ምዕራብ ሃገራትን ንነጻነትና ንቃለሰሉ ኣብ ዝነበርና እዋን ንምጥፋእና ዘይፈሓስዎ ሸርሒን ዘይተኮስዎ መሳርያን ኣይነበረን እንተኾነ ንህዝባዊ ማዕበልናን ፍትሓዊ ቃልስናን ቅኑዕ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ. ካብ ዕላምኡ ክዓግትዎ ኣይከኣሉን፡ ንኹሎም ጉሒፍና ከኣ ነጻነትና ጨቢጥና። ድሕሪ ነጻነት ብቑጠባ ሓኒቖም ትሕቲ መሬት ከስፍሩና ዝከኣሎም ጽዒሮም ግንከ ኣይኮነሎምን ዝያዳ እኳ ደኣ ቍጠባና ሰማይ ተሰቒሉ ራዕዲ ፈጠረሎም። ሕጂ ውን እቲ ቀንዲ ዕላምኦም ጭራሽ ንምጥፋእና ስለ ዝኾነ ዘይነበረ ናይ ዶብ ሽግር ፈጢሮም ብኢትዮጵያ ኲናት ወሊዖሙልና። ንምጥፋእና ከኣ ዓለም ብዓለማ ዘሎ ሰብኣውን ወተሃደራውን ማእለያ ዘይብሉ መሳርያ ንኢትዮጵያ ብምሃብ ከጥፍኡና ጸዓሩ። ነዚ ወራር እዚ ውን በቲ ነቕ ዘይብል ሓድነትናን ጽንዓትናን ኣፍሺልናዮን ነቶም ወረርቲ ትሕቲ መሬት ኣስፊርናዮም። እቲ ቅድሚ ዅናት ዘቕረብናዮ ናይ ሰላም መንገዲ ድሕሪ ውድቀቶምን ስዕረቶምን ኣብ ጣውላ ኮፍ ከም ዝብሉ ጌርናዮም። ይኹን እምበር ድሕሪ ፍርዲ እቲ ጠንቂ ዝተባህለ ቦታ ባድመ ልኡላውነት ኤርትራ ምዃኑ ምስተረጋገጸ ኢትዮጵያ ነቲ ወሪራ ዝሓዘቶ ባድመ ክትለቆ ፍቓደኛ ኣይኮነትን። እቶም ኣውሓስቲ ባዕሎም እቶም ናይ ምዕራብ መንግስታት ብፍላይ ከኣ ኣሜሪካን ኤውሮጳዊ ሕብረትን ብምዃኖም ንኢትዮጵያ ካብቲ ወሪራ ዝሓዘቶ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ ክምትወጽእ ኣይገበሩን። እነሆ ከኣ እቲ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ ተጎቢጡ እቲ ጉዳይ ጠልጠል ኢሉ ኣብ ኣይሰላም ኣይኲናት ሃዋሁው ትሽዓተ ዓመታት ኮይኑ።

እዚ ኹሉ ንምንታይ ! እቲ መልሱ ናይ ምዕራብ ሃገራት ናይ ርሑቕ ዕላምኦም ንኤርትራ ብኢትዮጵያ ክትጉበጥን ሓንሳብን ንሓዋሩን ክትሓቅቕ ከም መደብ ዝሓዝዎ ስለ ዝኾነን ። ናይ ምዕራብ መንግስታት ንህዝቢ ኣፍሪቃ ኣጥፊእካ ንኣፍሪቃ ምግባት እዩ፡ እዚ ግብራዊ ንክኸውን ህዝቢ ኣፍሪቃ ክፈልጥን ክመሃርን ፈተውቱን ጸላእቱን ክለሊ ሃብታም መሬትን ጽቡቕ ክሊማን ማእለያ ዘይብሉ ሃብቲ ከም ዝውንን ክፈልጥ የብሉን። ህዝቢ ኣፍሪቃ ነዚ እንተፈሊጡ ናይ ምዕራብ ሃገራት ዕላምኦም ክፈሽል ምዃኑ ይፈልጡ እዮም። ኣብ ሱሳታት ከም በዓል ጀማል ዓብደል ናስር ዝኣመሰሉ ንተንኮላት ናይ ምዕራብ ሃገራት ዝፈለጡን ጸጋታቶም ዝተረድኡን ሃግሮም ዘማዕበሉን ኔሮም እዮም፡ ብድሕሪኦም ዝሰዓቡ ኮርኹር ናይ ምዕራብ ሃገራት ዝኾኑ ተምበርከኽቲ መራሕቲ ግን ነታ ሃገር ረሚሶማን ኣብ እንጌራ ትኳቦ ከም እተማዕዱን ጌሮማ። ሊብያ ግን ኣብዚ ኣርባዓ ዓመታት ንኽፍኣትን ተንኮላትን ናይ ምዕራብ ሃገራት ዝተረድኣን ዝፈለጠን መንግስቲ ሳላ ዝረኸበት ንምዕራባውያን ናይ ስርቂ መንገዲ ዓጽዩ ህዝቡ ዘማዕበለን ብልጽግትን ምዕብልትን ሃገር

ክትከውን ክኢላ። እዚ ንናይ ምዕራብ ሃገራት ሕማም ርእሲ ስለ ዝኾኖም ክሳብ ሎሚ ንመንግስቲ ሊብያ ዘጥፍኡሉ መንገድን ግዜን ኩነታትን ክጽበዩ ጸኒሖም።

ንዓና ውን እዚ ናይ ትሽዓተ ዓመታት ኣይኩናት ኣይሰላም ሃዋሁው ንቑጠባና ትሕቲ መሬት ኣእትዩ ብዘይ ኩናት ክንጠፍእ ኮነ ኢልካ ዝተሃንደሰ ሽርሒ እዩ። መስተውዓሊን ንህዝቡ ዝተወፈየን ቅኑዕ መሪሕነት ስለ ዘሎና ግን ክንጠፍእ ዘይኮነስ መግለጺ ቃላት ክትረኽበሉ ዘይትኽእል ምዕባለ ንሰማይ ኢና ተወንጪፍና። ሃገርና ካብ ጻት ንጻት ሃኒጽናያ ። ንመላእ ኣፍሪቃ ኣብነት ምዕባለን ነብስኻ ምኽኣልን ኮይንና። እዚ ነቶም ናይ ምዕራብ መንግስታትን ዕሱባቶምን ክጻወርዎ ዘይክእሉ ሕማም መርዘን ኮይኑዎም ኣሎ። ካብዚ ብምብጋስ ነቲ ካብ ቅድሚ ኣርባዓ ዓመታት ኣትሒዞም ከጥፍእዎ ጽዒሮም ግንከ ዘይኮነሎም ሻዕብያ ንምጥፋእ ላዕልን ታሕትን ዝብሉ ዘለዉ። ደናቑር „ ሻዕብያ ምጥፋእ ማለት ምንጻፍ ማይ ምድረ በዳ እዩ „ ክሓልሙን ንሕልሚ ጋህዲ ክገብሩ ይፍትኑ ይኾኑ ክሳብ ሎሚ ግን ሕልሚ ጋህዲ ክኸውን ርኢናን ሰሚዕናን ኣይንፈልጥን።

ኣብ መላእ ዓለም ዘሎኻ ሃገረይ ክብረተይ ሃገር እንተ ዘይብለይ ህሉው ኣይኮንኩን ፡ ሃገረይ ህያብ ሰማእታት ኣሕዋተይን ኣሓተይን እትብል ፡ ናይ ምዕራብ መንግስታት ብሰሜን ኣፍሪቃ ዝጀመርዎ ናዕብን ወራርን ኣብኡ ዘኸትም ከም ዘይኮነ ተረዳእ። ብድሕሪኡ ኣብ ዕላማ ተሰሪዕና ዘለና ንሕና ምኻንና ኣብ ግምት ከነእትዎን ብዝለዓለ ደረጃ ኣብ ተጠንቀቕ ክንጸንሕን ይግባእ።ከምቲ ንሊብያ ንምህራም ናይ ውግእ መራኽቦም ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ኣዳልዮመን ዝጸንሑ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ውን ተዳልየን እየን ዘለዋ። እታ ዕስብቲ ኢትዮጵያን እቶም ንሳ ዝዓሰበቶም ወይጦታትን ጎይተቶም ሃየ ተበገሱ ምስ በልዎም ክብገሱ ምኻኖም ተረዲእና ፡ መንግስትና ንዝወስዶ ስጉምቲ ኣብ ዝሃለና ንሃሉ ብዝሓየለ መንገዲ ቅሩባትን ድሉዋትን ኮይንና ክንጸንሕ ኣለና። ናይ ምዕራብ ሃገራት ሰለስተ ዕላማታት ሒዘን እየን ክመጻ፡ እንተሰለጠን ኢትዮጵያ ሓንሳብን ንሃዋሩን ንኤርትራ ክትውሕጣ ንሱ ዘየዋጽእ መሲሉ እንተ ተራእዮም ሓደ ብዕሱባት ዝቖመ ብእኦም ዝዝወር መንግስቲ ምቛም ምስኡ ኣልግብ ኣቢልካ ከኣ ንዓሰብ እንተስ ብሓይሊ እንተስ በቶም ወይጦታት ባርኾት ቆሪጽካ ንኢትዮጵያ ምሃብ። ንሕና ሎሚ ውን ከም ትማሊ ብብላሽ ትጠፍእ ዋላ ሓንቲ ደቒ ቕ ውን የብልናን ፡ ፈሪሕናን ተሰናቢድናን ካብ ዕላማናን ስራሕናን ንደቒ ቕ ውን ትኹን ጠጠው ኣይንብልን ኢና። ንዓና ግዜ መተካእታ ዘይብሉ ወርቂ እዩ። ስራሕና እናሰራሕና ክመጻና ንዝኽእል ግዳማዊ ተጻብኦ ጎድኒ ንጎድኑ ዕጡቓትን ቅሩባትን ኮይንና ክንጸንሕ ኣሎና። ሃገርናን ነጻነትናን ብሎተሪ ወይ ብትኳቦ ኣይመጸትን ፡ ዓሰርተታት ብሉጻት ዜጋታት ተኸፊልዋ እያ መጺኣን ተዓቂባን። ንሕና ሕድሪ'ለና ሕድሪ'ቶም ኣብ ፈቐዶ ኩርባን ስንጭሮን ኣጻምእ ቦታታትን ጎላጉል ሳሊናን ኣብ ማያት ቀይሕ ባሕሪ በጃ ዝሓለፉ ሰማእታት ። ኢሎሙና'ዮም ንሕና ዓወት ንሓፋሽ እናበልና ንሓልፍ ኣሎና ፡ ብደምናን ኣዕጽምትናን ዝተረኽበት ኤርትራ ብዝረብሑን ዘይረብሑን ከይትድፈር ሓደራ ! ስዉእ ኣይሞተን ንዘለኣለም ህያው እዩ ንሰማይ ኣንቃዕሪርና ምስ እንጥምት ሰማይ ብከዋኽብቲ በሪሃ ንርእያ ኣብቲ ክልል ሰማያት ኤርትራ ምስቶም ከዋኽብቲ ከይንዕንቀፍ ብርሃን ዝህቡና ኣብኡ ኣለዉ እቶም ሰማእታት ኤርትራ ! ንኹሉ መዓልታዊ እንገብሮ ከኣ ብኣንክሮ ይዕዘብዎ እዮም። እቲ እንረግጾ መሬት ኤርትራ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ትርብዒት ሜተር ጀጋኑ ኣብቲ ከርሱ ኣለዉ ። እዝንና ኣብ መሬት ኣልጊብና ጽን እንተኢልና መልእኽቶምን ሕድሮምን ክንሰምዕ ንኽእል። እቲ ንጹህ ደሞም ከም ማይ ፈልፈሉ ንኹላ መሬት ኤርትራ የልምዕ እቲ ክቡር ስግኦም ድኾዒ ኮይኑ ምህርቲ ከም ዝስስን ይገብር፡ እቲ ክቡር ዓጽሞም ከኣ ሓጹር ኮይኑ ባዕዳዊ ከይኣቱ ይከላኸል። እዛ ክብርቲ መሬት ንሕና ተቐበልቲ ሕድሪ እንክሎና መን እዩ ዝደፍራ ! እዞም ሕጂ ንዓለም ዝብጽብጹ ዘለዉን ሰላም ዝኸልኡ ዘለዉን ንዓና ንኤርትራውያን ሓደስቲ ድዮም ! ኣይኮኑን እቶም ናይ ትማልን በቲ ሓያል ቅልጽምና ደርዒምና ዝደርበናዮምን እዮም። ሎሚ ውን ቅድም ኣይፋልኩም ኣብዛ ሰላም መኣድና ኣይተዕገርግሩና ንብሎም እንተ ኣበዩ ከኣ እታ ናይ ትማል ሓዊ ዝኾነት ሓለንጊ ኣላ ። ነባሪ ጽቡቕ ታሪኽ እምበር ነባሪ ህይወት የሎን ! ንሞት ፈሪሕካን ንምህላው ተመኒኻን ተምበርኪኽካን ተገዚእካን ኣይንበርን እዩ።

**ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና !**
**ህይወት ከፊልና ዘምጻእናያ ሃገር ህይወት ከፊልና ክንዕቅባ ኢና !**
**ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !**